# ስብከት (መጠቓለሊ)

9ይ ዓመታዊ ጉባኤ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ፡፡

ቀሺ ተስፎም ገዛኢ

ነሓሰ 4, 2007

ተዓዲምና መጺእና

መን ዓዲሙና፧

እንታይ ክንገብር መጺእና፧

ዎ እግዚአብሔር ኣብ ቤትካ መጺኣ ጥራየይ ከይከይድ ካብቲ ዘዳለኻዮ ንዓይ ዝኸውን ተዛረበኒ።

# መሪሕ ጥቕሲ

“ንሱ ንጽድቕኻ ከም ብርሃን፡ ንፍርድኻውን ከም ቀትሪ ኺውጽኦ እዩ። ንእግዚኣብሔር ሃዲእካ ተጽበዮ… በቲ ሕሱም ሃቐና ዝፍጽም ሰብ፡ ኣይትኾሪ። እኩያት ክጸንቱ እዮም፡ ንእግዚኣብሔር ዝጽበይዎ ግና ንምድሪ ኪወርስዋ እዮም።” (መዝሙር ዳዊት 37፡6-8)

እንታይ ንምርካብ ንጽበ፣

# መዝ 37

- መሃሪት

- መምርሒ ዝመልኣ

- ንጉስ ዳዊት ኣብ ጊዜ ኣርግናኡ ድሕሪ ብዙሕ
  ተመኩሮ ዝጸሓፉ  እያ (፥25) “ንእሽቶ ነበርኩ ኣሪገ ኸኣ እኔኹ…”

1-8 መተሓሳሰቢ ንጻድቃን ኣብ ኣምላኽ ክውከሉ እምበር

-ብገበርቲ እከይ ከይሽበሩ

- ብዓመጽቲ ከይቐንኡ

እኳ ድኣ ሰናይ ክገብሩ ይምዕድ

9-26 እግዚኣብሔር ዝባረኾም ሰባትን ክፉኣት ሰባትን

ተግባሮምን ዕጭኦምን የወዳድር

27-40 ብምኽሪ ጽቡቕ ክንገብርን ካብ ክፉእ ክንርሕቕን

መንገዲ እግዚኣብሔር ሒዝና ክንጽበን መወዳእታ

ዕጫ ጻድቃንን ክፉኣት ሰባትን ኣለሊና ክንፈልጥ ይምዕደና።

# ዝተደጋገመት ጥቕሲ (ሓሳብ)

መዝ37፡ (9,11,22,29,34)

- ንምድሪ ዝወርሳ መን እዮ፧
- (ንእግዚኣብሔር ዝጽበይዎ)

❖ንእግዚኣብሔር ዝጽበይዎ

“ለውሃት ንምድሪ ክወርስዋ እዮም እሞ ብጹዓን እዮም።” (ማቴ5፡5)

“ እቲ ብግዜ ፈተና ዝዕገስ ሰብ ብጹዕ እዩ ከመይ ተፈቲኑ ምስ ወጸ ነቲ እግዚኣብሔር ነቶም ዘፍቅርዎ ዘተስፈዎም ኣኽሊል ዓወት ክቕበል እዩ።” ያዕቆ1፡12

ለዋሃት መን እዮም

- ለውሃት ንትእዛዝ ወይ ፍቓድ እግዚኣብሔር ብሓጎስ ዝቕበሉ እዮም ዋላ ንግዜኡ ትጉድኣዮም፡፡

ኣብርሃም

ሙሴ

ዮሴፍ

እዮብ ፡

ሓዋርያት፡

ኣቦታትና (ኣቡነ ፍሊጶስ፡ ኣቡነ እንጠንዮስ)

# እንኽፍሎ ዋጋ እንታይ እዩ፧

“እቲ ነቶም ባሮቱ መልኣኹ ሰዲዱ ዘናገፎም ኣምላኽ ሲድራቕን

ሚሳቕን ዓብድ-ኔጎን ይባረኽ። ንሳቶም ኣብኡ ተወኪሎም ትእዛዝ

ንጉስ ኣበዩ ብዘይ ንኣምላኾም ንኻልኦት ኣማልኽቲ ኸይምልኹን ከይሰግዱንሲ
**ስጋኦም ወፈዩ።** …

ከምኡ ገይሩ  ኼናግፍ ዚኽእል  ካልእ ኣምላኽ የልቦን እሞ ፡

…ሕሱም ቃል ዘውስእ ንሱ ኺስየፍ….”

# ከመይ ጌሮም ነዚ ውሳኔ ወሲዶም፣

“ካብ ንጊዜኡ ብሓጢኣት ባህ ዝብሎስ ምስ ህዝቢ ኣምላኽ ደኣ መከራ ኺጸግብ ሓረየ፡፡

ናብቲ ዓስቢ ጠመተ እሞ ካብ መዝገብ ግብጽስ ነቲ ጸርፊ ክርስቶስ ኣዝዩ ብዙሕ ሃብቲ ገይሩ ቈጸሮ።

ነቲ ዘይርኤስ ከም ዚረኣዮ ኾይኑ ተዓገሠ ጸንዔ እሞ ነቲ ኹራ ንጉስ ከይፈርሀ ብእምነት ንግብጺ ሓደጋ፡፡”

እብራውያን 11፡8,25-27, ዘፍ12፡1-4

# ከመይ ጌሮም ነዚ ውሳኔ ወሲዶም፣

-ንቕኑዕ ካብ ጌጋ ፈልዮም ፈሊጦም ናይ ምልላይ ከእለት ኔርዎም (እብራ5፡14)

-ዋጋ ሰማያውን ምድራውን ተረዲኦም (እዛ ምድራዊት ናይ ድንኳን ቤትና እንተፈረሰት እኳ ሓንቲ ህንጻ ካብ ኣምላኽ ብኢድ ዘይተገብረት ናይ ዘልዓለም ቤት ኣብ ሰማያት ከም ዘላትና ንፈልጥ እና።" (2ቈረ5፡1

መኽሰብን ጣዕምን ዓለም ጊዝያዊ (ሉክ12፡19-20)

“ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ዝገብር ደኣ እምበር ጎይታይ ጎይታይ ዝብለኒ ኹሉ መንግስተ ሰማያት  ዚኣቱ  ኣይኮነን፡፡

በታ መዓልቲ እቲኣ ብዙሓት ጎይታይ ጎይታይ ብስምካ እተነበናዶ ኣይኮንናን ኣጋንንትስ ብስምካዶ ኣየውጻእናን ብስምካስ ብዙሕ ሓይሊዶ ኣይገበርናን ክብሉኒ እዮም፡

ሽዑ ኣነ ኣቱም ገበርቲ ዓመጻ ከቶ ኣይፈለጥክኹምን ካባይ ርሓቑ ክብሎም፡ እየ።”
ማቴ7፡21-24

❖ ብጹዓን ዝብሎም

ኢየሱስ ድማ መሊሱ ከምዚ በሎ “ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ ምእንታይን ምእንቲ ወንጌልን ኢሉ ቤት ወይ ኣሕዋት ወይ ኣሓት ወይ ኣደ ወይ ኣቦ ወይሰበይቲ ወይ ውሉድ ወይ ግርሁ ዝሓደገ ፡፡

ሕጂ ኣብዚ ዓለም ምስ ስደት ቤት ኣኅዋት ኣኃት ኣደ ውሉድ ግርሁ **ሚእቲ ካዕበት ዘይክፈል** ኣብ ዚመጽእ ዓለም ከኣ ህይወት ዘልዓለም ዘይቕበል ሓደኳ የለን፡፡” (ማቴ6፡33, ማር10-29-30)

“ኣነስ ድሮ ክስዋእ ቀሪበ ኣለኹ መዓልቲ ሞተይውን በጺሓ እያሰናይ ገድሊ ተጋዲለ እየ፡ ጕያይ ወዲአ እየ፡ ነታ እምነትውን ሓልየያ እየ፡ ደጊም እቲ ቅኑዕ ፈራዲ ዝኾነ ጎይታ በታ መዓልቲ እቲኣ ዝህበኒ ኣኽሊል ጽድቂ ተነቢሩለይ ኣሎ። እዚ ግና ነቶም ንምግላጹ ሓረር ዝብሉ ኩላቶም ድማ እዩ እምበር ንዓይ ጥራይ ኣይኮነን።”

2ጢሜ 4፥6-8

እግዚኣብሔር ክደልየካ ኸሎ ኣለኹ ምባል

“ምሳይ ዘይኮነ መቓናኞንተይ እዩ፡” ማቴ12፡30

“በታ ጸባብ ኣፍደገ እተው እታ ናብ ጥፍኣት እትወስድ ኣፍ ደገ ርሕብቲ መንገዳውን ገፊሕ እዩ። እቶም ብእኣ ዝኣትው ድማ ብዙሓት እዮም። እታ ናብ ሕይወት እትወስድ ኣፍደገ ግና ጸባብ እያ መንገዳውን ቀጢን እዩ። እቶም ዝረኽብዋ ኸኣ ውሑዳት እዮም።” ማቴ7፡13ን14

“በታ ጸባብ ኣፍደገ ንምእታው ተጋደሉ፡ ምኽንያቱ ብዙሓት ክአትዉ **ኺደልዩ እዮም** ግና ኣይክኽእሉን እዮም እብለኩም ኣለኹ፡፡ “
ሉቃ13፡24

እናደለዩ ስለምንታይ ዘይአትዉ፣

-ሳንጣ ሰከም ኣብዚሖም

-ከብደት በዚሑ

-እግዚኣብሔር ዘይፈትዎ ሓዊሶም
(ብቕዓት ዝቋጻጸር የትርፈካ)

❖ ክንሪአ ዝግብኣና ነቲ ናይ መወዳእታ ውጽኢት እዩ

መዝ1፥1-ፍጻሜ

“ምኸሪ ክፉኣት ሰባት ዘይሰምዕ
ብመንገዲ ሓጥኣን ከኣ ዘይኸይድ
ኣብ ኣኼባ መላገጽቲ ድማ ዘይጽምበር
እኳ ድኣ ንሕጊ እግዚኣብሔር ብምእዛዝ ዝሕጎስ

- ነቲ ሕጉውን ለይትን መዓልትን ዘስተንትኖ ሰብ ዕውት (ብጹእ እዩ)
- ንሱ ከምታ በብእዋኑ ፍረኣ እትህብ ቆጽላ ዘይነቅጽ
- ኣብ ወሰን ውሓዚ ማይ ዝተተኽለት ኦም እዩ፡
- ዝገብሮ ኩሉውን ይሰልጦ፡፡

-እቶም ክፉኣት ሰባት ከምቲ ንፋስ ዝብትኖ ብቚቡቚ
እዮም፡፡

-እምበር ከምዚ ኣይኮኑን፡፡

-ንኸፉኣት ሰባት እግዚኣብሔር ክኹንኖም እዩ።

-ሓጥኣንውን ኣብ ማሕበር ጻድቃን ኣይክቖሙን እዮም

-ከመይ እግዚኣብሔር ንጻድቃን ይመርሖምን ይሕልዎምን እዩ።

-ክፉኣት ሰባት ግና ክጠፍኡ እዮም።”

(ወፍኖቶምሰ ለሐጥኣን ትጠፍእ)

❖ ኣብ መጀመሪያ ንዓመጻኛን ለዋሃትን

-መንገዲ ኣለዎም (ሙሴን መቕናቕንቱ ፈርኦንን)
-ዓመጻኛ ዝሰለጦ ይመስለካ
-መወዳእታ ግና  ዓመጻኛ ካብ መጽሓፍ ህይወት ይድምሰስ

መወዳእታ ሙሴ፡

- ገጹ የንጸባርቕ ነበረ፡   ንምንታይ

- ብወርቂ፣ ብብሩር፣

ዘጸ34፡29-33

-ምስ እግዚኣብሔር ተራኺቡ ምስ መጸ

2ቆሮ3፡12-18

- መንግስተ ሰማይ (ማቴ17፡1-3)

“እግዚኣብሔር ዝኣዘዘኩም ግበሩ፡
ደብረይን ደብርኹምን ኣጽንዑ
ስመይን ስምኩምን ክዓቢ።”

ውሳኔና ንናይ ዘልኣለም ዝዓለም ይኹን

እግዚኣብሔር መወዳእታና የጸብቐልና